ERI-PLATFORM
Enlighten, Engage, Unite

ጋዜጣዊ መግለጺ

ኤሪ-ፕላትፎርም
ኣብርህ፡ ኣሳትፍ፡ ኣስምር

# ለውጢ ኣብ ኤርትራ - ሕጂ!

ንሕና እቶም ኣብ *ሲምፖዝዩም ኤርትራ 2018* ዝቘምና ሓይሊ ዕማም፡ ደጊምና ኣብ 22-24 ለካቲት 2019 ተጋቢእና፡-
ነቲ ኣብ ጋብላ ቀይሕ ባሕርን ቀርኒ ኣፍሪቃን ዚምዕብል ዘሎ ጆኦፖለቲካዊ ለውጥታት ብምስትብሃል፤
በቲ ኣብ ልዕሊ ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ ዝቀላቐል ዘሎ ርኡይ ሓደገኛ ስግኣት ኣዚና ብምሽቓል፤
ኣብ ኤርትራ ሕጋውን ብቑዕን መንግስቲ ፍጹም ዘይህላዉ ብምስትውዓል፤
እቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም ኤርትራ፡ ጉድለታት'ኳ እንተሃለዎ፡ ምእንቲ ግዝኣተ ሕጊ ምስፋንን ሰላማዊ ስግግር ምስላጥን፡ ንትግባሬኡ ብምውፋይ፤
ነቲ ዘጽደቕናዮ፡ ዓለምለኻዊ ኣባራባሪ ሓይሊ ዕማም ዝኣመሞ ናይ ትግባረ ስትራተጂ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ሓደ ዘስርሕ ቅርጺ ከም ዜድሊ ብምእማን፡ ነዞም ዚስዕቡ ዕማማት ንምፍጻም መብጽዓ ንኣቱ፡-

- ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ምሉእነትን ኤርትራ ምሕላው፤
- ምእንቲ ክብረት ህዝቢ ኤርትራ ደው ምባል፤
- መርበብ ሓርበኛታት ኤርትራውያን ዘተኣሳስር ሰፊሕ ዝሰረቱ ምንቅስቓስ ምህናጽ፤
- ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ንኹሉ ዚሓቁፍ ዕርቂ ንምስፋን ምዕያይ፤
- ኣብ ተረድኦን ኣኽብሮትን ግዝኣተ ሕጊ፡ ደሞክራስያዊ መትከላትን ሰብኣዊ መሰላትን ናይ እትምስረት ኤርትራ ሓባራዊ ራእይ ብመንገዲ ኣኼባታት፡ ሰሚናራት፡ ዋዕላታት፡ ሲምፖዝዩማትን ሕታማት ኢንተርነትን ምዕባይ፤
- ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ ኮም፡ ብፍላይ ኣዕሩኽን መሻርኽትን ኤርትራ፡ ዝሓሸ መረዳእታ ንምፍጣር ዲፕሎማስያውን ጥብቅናውን ዕዮ ምክያድ፤
- ኣብ ዓድን ኣብ ወጻእን ዘለዉ ኤርትራውያን ኣብቲ ምእንቲ ፍትሒ ዚግበር ቃልሲ ከም ዚኸቱ ምግባር፤
- ኣብ መንጎ ፕሮ-ደሞክራስያውያን ሓይልታት ኤርትራ ምድግጋፍ ምዕባይን ምጥንኻርን፤
- ነቲ ዘቤታውን ግዳማውን ተቓውሞ ዜተኣሳስር ፖለቲካዊ ድልድል ምህናጽ።

ነዚ ዕላማ'ዚ ንምውቃዕ፡ እዞም ዚስዕቡ ዕማማት ዘለዉዋ ኣወሃሃዲት ሽማግለ ኣቑምና ኣለና፡-

1. ኩላቶም ኤርትራውያን ኣብዞም ዚስዕቡ ጠለባት ኪዓስሉ ምጕስጓስ፡-
   ሀ) እቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም ኤርትራ ብህጹጽ ኪትግበር፤
   ለ) ኩላቶም ናይ ፖለቲካ እሱራት፡ ቅዩዳት ጋዜጠኛታትን ናይ ሕልና እሱራትን ብህጹጽን ብዘይቅድመ ኩነትን ኪፍትሑ፤
   ሐ) ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብቕልጡፍ ኣብ ባይታ ኪምልከት፤

2. ሓይልታት ምክልኻልን ጸጥታን ኤርትራ ንህዝቢ ኤርትራ ክቑሙሉን ሃገራዊ ረብሓታት ኤርትራ ኪሕልዉን ምትብባዕ፤

3. ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ስግግር ንምቅልጣፍ ንዚግበር ጻዕሪ ምድራዕ።

ለውጢ ሕጂ!
ፍራንክፈርት፡ ጀርመን
24 ለካቲት 2019